# ኦፕቲካል ፎቶ ሰርጀሪ

**ፕረስ ኮንፈረንስ**

**ኢንቨቲገይተር፣ ሃይለ መንገሻ ዑቕበ፣**
**መይ 4፡ 2020**

**ኢሳያስ ኣፈወርቂ ሞተ'ዶ? ወይስ ሃለው? ዝመልከት ሕቶ፣ ብaan media network ኣብ ፈይስቡክ ዝተዘርግሐ፣ ወጻኢ ሚኒስተር ኤርትራ ዑስማን ሳልሕ . . . ፕረ/ ኢሳያስ ኣፈወርቂ . . . ፕረሲደንት ኢትዮጵያ ወ/ሮ ሳህለ-ወርቅ ዘውደ . . . ፕ/ ሚኒስተር ኣቢይ ኣሕመድ . . . ከምኡ'ውን ፕ/ ሚኒስተር ነበር ሃይለማርያም ደሳለኝ ዘለውዎ ፎቶ፣ ብጹእነት ከምዘይብሉን ስኑዕ ፎቶ (Forged Photo) ምዃኑን ናይ ኦፕቲካል ፎቶ ሰርጀሪ ኢንቨቲገይተር ሃይለ መንገሻ ዑቕበ፣ ብዘየማትእ ኣረጋጊጹም ኣለው።**

**ኢንቨቲገይተር ሃይለ፣ ነዚ ሓድሽ ኢንተሊጀንስ ዝረኸብዎ፣ ኣብ ልዕሊ'ቲ ናይ**

**aan media network ፎቶ ዓሚቑ ዝኾነ ናይ ኦፕቲካል ፎቶ ሰርጀሪ መርመራታት ድሕሪ ምክያዱም ኢዩ።**

**ኦፕቲካል ፎቶ ሰርጀሪ፡ ኣብ ልዕሊ ሓደ ፎቶ ምስናዕ፡ ምኽዋል፡ ምሽፋን፡ ምቕያር ወይም ነቲ ፎቶ ባዕዳዊ ኣካል ምውሳኽ ዝኣመሰሉ ተግባራት ብዝፍጸሞ፡ ነቲ መንቅብ (Defect) ወይ ምስናዕ (Forgery) መርሚርካ ናይ ምልላይ ጥበብ ኢዩ።**




ፎቶ 1 የማነ ቻርሊ ዝዘርግሖ ኣሉ ባልታን ስኑዕ ፍቶን።

# ግዝፊ ናይ aan media ፎቶ = 100%




ፎቶ 2፡ ካብ ጸጋም ናብ የማን፡ 1. ዑስማን፡ 2. ኢሳያስ፡ 3. ወ/ሮ ሳህለ-ወርቅ፡ 4. ኣቢይ፡ 5. ሃይለማርያም።

እቲ ድሮ ምጸታት ዓለም ኣቲያቶ ዘላ ናይ ሓበሬታ ሚኒስተር የማነ ገብረመስቀል (ቻርሊ)፡ ኣብ መይ 3 ዝዘርግሖ ኣሉ ባልታን ስኑዕ ስእልን፡ ኣብ ፋይስቡክ፡ ብሓርበኛታት ኤረ ከምዝተቓልዐ ኩላትና ንፈልጦ'ዩ።

ነቶም ኣብ FB፡ ናይ ቻርሊ ኣሉ ባልታን ስኑዕ ስእልን ዘቃልዑ ኣፋዲሓ ሓርበኛታት፡ ልዑል ምስጋናይን ምስጋና ኩሉን ይብጻሓዮም።

# <u>ግዝፈ ናይ aan media ፎቶ = 200%</u>




<u>ፎቶ 3</u>፡ እቲ ፎቶ 200% ብዝገዝፍ እቶም መንቅባት ቅሩብ ይገሃዱ።

ኣብ 100% ግዝፈ፡ እቲ መንቅብ ብገርሂ ዓይኒ ሰብ ክልለ የጸግም'ዩ። ፎቶ 200% ምስገዘፈ ግን ቀንዲ መንቅብ ጎሊሑ ይገሃድ። እቲ መንቅብ፡ ኣብ ዑስማን ማስኬራ ኮቪድ-19 ዘይኮነስ ጆሶ (Cast) ናይ ኣስቢዳለ ንዕዘብ።

## ግዝፈ ናይ aan media ፎቶ = 400%




ፎቶ 4፡ እቲ ናይ ዑስማን ፎቶ 400% ብዝገዝፍ፡ እቶም መንቀባት ብኡ መጠን ተነጺሮም ይገሃዱ።

## መንቀብ ቁጽሪ - 1

እቲ ቀዳማይ መንቀብ፡ ኣብ ትሕቲ መንጋጋ ናይ ዑስማን፡ ጀሶ (Cast) ናይ ኣስቢዳለ ንዕዘብ። ማስኬራታት ኮቪድ-19፡ ኣብ ቻይና፡ ካብ ዕጽፍጽፍ ዝብሉ ምህሙናት ናይ

ወረቓቕቲ ፋብሪክ ወይ ኣጭርቕቲ'ዮም ዝሰርሑ። ብምንም ተኣምር፡ ከምዚ ኣብ ዑስማን ንዕዘቦ ዘሎና፡ ናይ ሓደ ድሩቕ ጀሶ (Cast) ቅርጺ ኣይፈጥሩን'ዮም።

<u>መንቅብ ቁጽሪ - 2</u>

ቀያሕ ገመድ ናይ ማስኬራ ኮቪድ-19፡ ኣብ ትሕቲ ኳሌታ ናይ ዑስማን ንዕዘብ። እታ ቀያሕ ገመድ ናይ ማስኬራ፡ ንዑስማን ኣብ ክንዲ ኣብ እዝኑ፡ ኣብ ክሳዱ ተጠምጢማ ምህላዋ፡ ካብ ንቡር ኣጠቓቕማ ማስኬራታት ኮቪድ-19 ወጻኢ ኢያ።

ቀያሕ ገመድ ኣብ ክሳድ ዑስማን ምጥምጣማ፡ ፎቶ ስኑዕ ምኳኑ የረጋግጽ። ኣግማድ ማስኬራታት ኮቪድ-19፡ ብድሕሪ የእዛን ተጠዊዮም ይሽከሉ ደኣምበሪ ኣብ ክሳድ ሰብ ክጥምጠሙ ኣይክእሉን ኢዮም።

ኣብ ዝኾነ ናይ ፎቶሾፕ ናይ ምስናዕ ዕዮታት፡ ቀጠንቲ ኣግማድ ኣብ እዚኒ ናይ ሓደ ሰብ ክትስንዮም፡ ብቴክኒካዊ መዕቀኒ ኣዚዩ ከቢድ

ስራሕን ዘየድማዕን ውጽኢትን ስለዝህብ፡ እቲ ምስናዕ በቲ ዝቐለለ መንገዲ ማለት ነታ ቀያሕ ገመድ ኣብ ክንዲ ኣብ እዝኒ ኣብ ክሳድ ዑስማን ተጠምጢማ ንዕዘባ።

ፎቶሾፕ ዘንበሮ መንቅባዊ ጀሶ (Cast) ኣብ ዑስማን ኣመና ስለዝኾነ፡ ምንጋጋ ዑስማን ቅምጥ'ሉ ናይ ድቂ ምንጋጋ ይመስል።





ፎቶ 5ን 6ን፡ ናይ ፎቶሾፕ መንቅብ ዘወዳድሩ መንጋጋ ዑስማንን መንጋጋ ድቅን፡ መንጽር ብመንጽር።

**ናይ aan media network ፎቶ፡ ካብ መሰረቱ ስኑዕ ፎቶ (Forged) ምዃኑን እቲ ጆሶ ኣብ ውሽጢ'ቲ ፎቶ ባዕዳዊ ኣካል ምዃኑን ደጊመ የረጋግጽ።**

**ኢንቨቲገይተር ሃይለ መንገሻ**
**ቶሮንቶ፡ ካናዳ**

**Investigator Haile Menegesha Okbe**
**Toronto, Canada**

**Com Links**
**(416)-858-9305**
**haileokbe@yahoo.com**
**FB: Haile Menegesha Okbe**
**What's App: Haile Menegesha Okbe**

---

**Yemane G. Meskel@hawelti, Yemane Charlie posted baseless information and forged photo of Isayas Afewerki on his twitter account.**

**Patriotic Eris exposed Yemane Charlie's forged photos.**

**aan media network posted on the Facebook forged photo of Foreign Minister of Eritrea Osman Saleh, President Isayas Afewerki, Ethiopian President Weizoro Sahle-Work Zewde, Prime Minister Abiy Ahmed and Former Prime Minister of Ethiopia Hailemariam Desalegn.**

**Investigator Haile Menegesha Okbe, through Optical Photo Surgery exposed that aan media network's photo was a fundamentally forged photo.**

**Investigator Haile OKbe disclosed, on the forged photo the foreign Minister Osman is visible on his neck with a medical cast not a Covid-19 mask. The medical cast on the neck of Osman is a foreign body on the photo, which is an indication of Photoshop forgery.**